# ገስጋስን መጻእን ዘንጸባርቕ ንጥፈታት ጽንብል ናጽነት

ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ተጻብኦታትን ውዲታትን ዝሓለፈ 10 ዓመታት ኣረብሪቡ፣ ሃገራዊ ዓቕሚ ደሊቡን ውህደት ሕብረተ ሰብ ብዘየዳግም ኣረጋጊጹን ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ኣትዩ ኢዩ መበል 18 ዓመት ጽንብል ናጽነት ንምብዓል ኣብ ምድላው ዝርከብ። ክንዲ ዝኾነ ድማ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ዝመጽእ ሰለስተ ዓመት ኣገዳሲ ዝላ ኣብ ልምዓትን ምዕባሌን ንምርግጋጽን 2009 ነጥበ መቐይሮ ክትከውን ጀሚሩዎ ንዘሎ ፍሉይ ውጥን ድርኺት እትህብ ኣጋጣሚ ኢያ ክትከውን።።

ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ሕቡራት ንግስነት መደብ *“ወርሒ ግንቦት ንክብሪ መዓልቲ ናጽነት'* ካብ ዕለት 30 ሚያዚያ ንወርሒ ዝቕጽል ንጥፈታት ተጀሚሩ ኣሎ። እቲ መደብ ኣስታት 25 ዕዱማት መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓድን ብዝተሳተፉዎ መድርኽ ምምኽኻር ኢዩ ብ30 ሚያዚያ ጀሚሩ። ባሕቲ ግንቦት ኣጋጣሚ ብምግባር ድማ ተመሳሳሊ መድርኽ ምምኽኻር ምስ ኣብ ላንደን ዝነብሩ ተጋደልቲ ተካይዱ። ኣብ ክልቲኡ ኣጋጣሚታት ምሕያል ሓድነት ህዝቢ፣ ምኩስኳስ ቆልዑን መንእሰያትን፣ ኣተኩሮ ኣብ ባህላዊ መሰረትን መንነትን፣ ምድልዳል ኤርትራዊ ስድራቤትን ኮሙኒቲን፣ ምስፋሕ ጥርናፈን ውዳበን ህዝቢ፣ ተሳትፎን ኣበርክቶን ዜጋታት ምዕዛዝን ምምስራት ኤርትራዊ ባህላዊ ማእከልን ዝምልከት ክፉት ምይይጣት ኪካየድ ምኽኣሉ ንኣገዳስነት እቲ መድረኻት ምምኻር ኣብ ጥሙር መኸተ ኣረጋጊጹ ኣሎ።

ወርሒ ግንቦት'ምበኣር ንጥሙር መኸተ ዘገግልግል ንጥፈታት ሒዛ ኢያ ክትቕጽል። ልዕሊ ኩሉ ዝተጠመተ መደባት ቆልዑን መንእሰያትን ኢዩ። ኣብቲ 3 ግንቦት ዝካየድ ሰሚናር መኸተ መንእሰያትን 17 ግንቦት ኣብ **Finsbury Park** ምሉእ መዓልቲ ዝካየድ ንጥፈታት ቆልዑን ስድራቤትን ኣብ ምኩስኳስ ሓድሽ ወለዶን ምስግጋር ባህላዊ ውርሻን ዘሎ ረዚን ሓላፍነትን ጠለብን ከምዘረጋግጽ ኪግበር ኢዩ።። ምስዚ ኣተኣሳሲርካ ድማ ዝሓየለ ጥርናፈን ተሳትፎን ህዝቢ ንምርግጋጽን ካብ ምሉእ ላንደን ብዝተዋጽኡ ወከልቲ ዝተፈላለየ ማሕበራዊ ጉጅለታት ኮሙኒቲ ሰፊሕ ናይ ምምኽኻር ዎርክሾፕ ኣብ 10 ግንቦት ተወጢኑ ምህላዉውን ብዓቢ ተገዳስነት ይረኣ። ዝለዓለ ጥርናፈ ኤርትራዊ ዓቕሚ ንምትእትታውን ምትሕግጋዝ ንምምዕባልን ኣብ 9 ግንቦት ተሰሪዑ ዘሎ መድርኽ ምምኽኻር ሙያዊያን ኤርትራዊያንውን ዓቢ ትጽቢት ተገይርሉ ዘሎ ኣጋጣሚ ኢዩ።

ብካልእ መንጽር ርኡይ ህላዌና ንምርግጋጽ፣ ሽርክነትና ንምዕባይን ምስሊ ሃገር ንምዕዛዝን ዝተጠመተ ርክባትውን ኣሎ። ምስ መዲያ ጽምዶ ንምስፋሕ ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመትውን ዝተገብረ። ናጽነትን ኣንፈት ሃገራዊ ልምዓታዊ ዕብየትን ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ጋዜጣዊ ዋዕላ ኪካየድ ኢዩ። ነዚ ንምድልዳልን ንኤርትራ ንምልላይን ዕድላት፣ ምዕባሌታትን ብድሆታትን ወፍሪ ኣብ ኤርትራ ዘላሊ መድርኽ ቢዝነስን ወፍርን'ውን 21 ግንቦት ኪካየድ ኢዩ። እዚ ንጥፈታትዚ ምስሊ ሃገር ንምዕዛዝ ምስ ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታት ንምትሕሓዙውን ዕለት 23 ግንቦት ኣዕሩኽ፣ መሻርኽትን ዲፕሎማሰኛታትን ዝሳተፍሉ ኣጋጣሚ ኪካየድ ኢዩ።

ኪፈጥር ዝኽእል ሓያል ጽልዋ ንምድማቕ ወግዓዊ ጽንብል ናጽነት ኣብ ከተማታት ላንደን፣ ማንቸስተር፣ ሊድስ፣ ሸፊልድ፣ በርሚንሃም፣ ሚድልስብራን ካልኦት ከተማታትን ተመዲቡ ኣሎ። መዛዘሚ ኩሉ ንጥፈታት ወርሒ ግንቦት ኣቲ ኣብ ስኮትላንድ 30 ግንቦት ዝካየድ ጽንብል ኪኸውን ኢዩ። ስኮትላንድ እታ ዓመት ዓመት ንጀጋኑ ኣትለታት ኤርትራ ዘአንገደትን ዝሓብሓበትን ኤርትራዊት ኮሚኒቲ ስኮትላንድ ኪዛዘም ምኻኑ ከኣ ከም ዓቢ ጸጋ ይውሰድ። ንጥፈታት ወርሒ ግንቦት በቲ ዝግባእ መንገዲ ብምንጽባራቕን ብምግምጋምን ከኣ እቲ ናጽነት ንምምጻእን ኣብ ዝሓለፈ 18 ዓመታት ንምውሓሱን ዝተኸፍለ መስዋእቲ ንምዝኻር መበገሲ ኪውሰድ ኢዩ። ስለዚ ሎሚ ዓመትውን መዓልቲ ሰማእታት *“ቅነ ዝኽሪ ሰማእታት ንዝዓዘዘ ሓላፍነትን ግብርን”* ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ካብ 14 ክሳብ 20 ሰነ ብዝተፈላለየ ንጥፈታት ምእንቲ ኪዝከር ድሮ ተጀሚሩ ዘሎ ምድላው ነዚ ከምዘንጸባርቕ ኪግበር ኢዩ።

ዓወት ንሓፋሽ!
ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ
2 ግንቦት 2009